ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቋርን ኣክስዩን ማሕበር ዝተፈላለዩ ቆዳ ጫማን ሸሚዝን ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ክገዝእ ስለዝደሊ ክትጫረቱ ትደልዩ እዚ ዝስዕብ ረቋሒ እተማልኡ ክተወዳደሩ ትኽእሉ ምኟንኩም ንገልፅ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 4, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 12, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 12, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ናይ 2011 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም ቫት ዝተመዝገብኩም ምኟንኩም ዝገልፅ መረዳታ ክተቅርቡ ትኽእሉ ፤

2 ተጫረቲ ካብ ዝቐረብዎ ጠቕላላ ዋጋ 2% ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ ቢድቦንድ ሕጋዉነቱ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል፤ ካብ 2% ዝነኣሰ ዘትሐዘ ተጫራታይ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኟኑ::

3 ዝርዝር ናይ ሕድሕድ ዝገልፅ ዶክመንት ካብ ዕለት 02/06/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ደደቢት ማ/ፋይናንስ 4ይ (ራብዓይ) ደብሪ ቁፅሪ ቢሮ 409 ብብር 100.00 (ሓደ ሚኢቲ ብር) ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

4 ናይ ጨረታ ዶክመንት ብፖስታ ሽም ዝተዓሸገ ናይ ቢሮ ጨረታ ሳንዱቅ አታዊ ዝግብርሉ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 02/06/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 12/06/2011 ዓ/ም ክሳብ ንጉሆ ሰዓት 3:00 ዘሎ ጊዜ ይክዉን::

5 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 12/06/2011 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3:30 ቦታ አብ ደደቢት ትካል ዋና ቢሮ ተጫረቲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሎም አብ ዝተረኽብሉ ይኸዉን::

6 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ እንተዘይተረኺቦም እውን እቲ ጨረታ ኣብ ሰዓቱ ይኽፈት።

7 ናይቲ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብቲ ጠቕላላ ዋጋ 10% performance bond ከትሕዘ ዘኽእል፤

8 ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ኣለዎ።

9 ጨረታ ዝሰዓረ ናብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቋርን ኣክስዮም ማሕበር መፂኡ ከረክብ ኣለዎ።

10 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብከፋል ወይድማ ብሙሉአ ናይ ምስራዝ መብቱ ዝተሐለወ እዩ፤

11 ተወሳኪ ሐበሬታ እንተደሊኩም ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ማፋይናንስ ዝርክብ ቢሮ ቁፅሪ 11 ብምቕራብ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 0342-400014 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle